
★★ EVERY ★★

# KID IN A PARK




**ንናይ 4ይ ክፍሊ ተማሃሮን ዕዱማቶምን ናጻ መእተዊ ፍቓድ ናብ ፌደራላዊ መሬትን ማያትን**

Tigrinya

## ንነፍሲወከፍ ቆልዓ ናይ ትምህርቲን፣ ሓዲሽ ነገር ናይ ምምሃዝን፣ ናይ ጸወታን ዓለም ይጽበዮ!

ንኹሎም 4ይ ክፍሊ ንጽውዕ! ብዛዕባ ናይ ሃገር ኣሜሪካ ፌደራላዊ ሃብቲ መሬትን ማያትን እንታይ ትፈልጡ? ዳርጋ ኣብ ኩሉ ቦታታት ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም! ካብ ፖርቶ ሪኮ( Puerto Rico) ክሳብ መይን (Maine) ከምእውን ቪርጂንያ (Virginia) ክሳብ ፓስፊክ ኣይላንድ (Pacific Islands) ናይ ኣሜሪካ ብመልክዑ ዕጹብ ዝኾነ ቦታታት ክትድህስስዎን ይጽበየኩም ኣሎ።

ብዛዕባ ዝሓለፈ ታሪኽኩም ኣፍልጦ ቅሰሙ ከምእውን ምስ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ናይ ተፈጥሮ ፓርክ ከምእውን ሚልዮናት ትርብዒት ሜትሮ ዝስፍሓቱ ፌደራላዊ ሃብቲ መሬትን ማያትን ተላለዩ። ኣዝዮም ደስ ዘብሉ ቦታታት ከምኒ ላንድ ቢትዊን ሌክስ (Land Between the Lakes)፣ ቻነል ኣይላንድስ (Channel Islands)፣ ናይ ሴንት ልውስ ኣርክ (St. Louis Arch)፣ ሳን ኣንቶንዮ ሚሽን (San Antonio Missions)፣ ናይ ፍረደሪክ ዳግላስ ሆም (Frederick Douglass home)፣ ካንዮን ኦፍ ኣንሽንትስ (Canyon of the Ancients)፣ ከምእውን ፍሎሪዳ ክይስ (Florida Keys) ብጽሑ። ናይ ቶኽላታት ድምጺ ኣውያት ስምዑ፣ ናይ ቅድመ ታሪክ ኣሰር ዳይኖሶራት ርአዩ፣ ኣብ ወሓዚ ሩባታት ጀልቡ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ሊዊስን ክላርክን ኣሰር ተዛወሩ፣ ወይድማ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ናብ ሰማያት ብምጥማት ንኮባኽብቲ ሰማያት ተመልከቱ!

*ብዛዕባናይመሕለፊፍቓድምርካብንበኸመይከምትጥቀሙሉን፣መገሻኹምኣብ ምምዳብንሓገዝምርካብ፣መሃርቲሓበሬታትትንምርካብን፣ከምእውኾንይስልኪቆጽርን ኣድራሻንሓበረታትኣበይከምትረኽቡዝያዳንምፍላጥኣብ www.everykidinapark.gov ተወከሱ።*

www.everykidinapark.gov

### ነፍሲወከፍ 4ይ ክፍሊ ተዓዲሙ ኣሎ።

ኣብቲ *ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ኣብ ፓርክ* ዝብል ፕሮግራም ብምስታፍ፣ ብዛዕባ ፌደራላዊ ሃብቲ መሬትን ማያትን ሕጂ ክትበጽሑን ክትመሃሩን ትኽእሉ። ንታሪኽን ንባህልን ዝኸውን ስምዒት ብምቅጽጻል፣ ነቶም ዘገድሱ ቦታታት ብምዕቃብ ናይ መዋእል ተወፋይነት ጀምሩ። ብዛዕባ ኣብ ናይ ትምህርቲ ክፍልታት ዝግበር ንጥፈታት ወይድማ ነዞም ፍሉያት ዝኾኑ ቦታታት ኣብ ምክልኻልን ምዕቃብን እትሳተፍሉ መንገድታት ንምፍላጥ ሓበሬታ ውሰዱ።

ካብ መስከረም 1፣ 2015 ጀሚሩ፣ ኣብ ኣሜሪካ 4ይ ክፍሊ ምስትኾኑ (ኣብ ገዛ ዝመሀሩ ከምእውን 10 ዓመት ዝዕድሚኦም ናይ ነጻ-ምርጫ ተማሃሮ ዘጠቓልል)፣ ናይ ዝኾነ ፌደራላዊ መሬት ወይ ማያት ናይ ዓመት ዘይተወሰነ ናጻ መብጽሒ ንምርካብ ናይ ናይ ግልኹም ቫውቸር ዳውንሎድ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም!

### ናይ መእተዊ ፍቓድኩም ውሰዱ!

መእተዊ ፍቓድ ምውሳድ ቀሊል እዩ! ነቲ ኣብ www.everykidinapark.gov ዘሎ “መእተዊ ፍቓድኩም ውሰዱ”(“Get Your Pass”) ዝብል ክፍሊ ተወከሱ፣ ነቲ ኦንላይን ዘሎ ጸወታ ፈጽሙ፣ ድሕሪኡ ነቲ ናይ ግልኹም ቫውቸር ዳውንሎድ ድሕሪ ምግባር ፕሪንት ጌርኩም ኣብቲ ናይ ፌደላራዊ መሬትን ማያትን ከም መእተዊ ትጥቀምሉ። እዚ ናይ ወረቐት ቫውቸር ናብ ገለገለ ናይ ፌደራላዊ መሬትን ማያትን ዝያዳ ዝደልደለ ናይ ኢንተግራሲይ ናይ 4ይ ክፍሊ ዓመታዊ መእተዊ ፍቓድ (Interagency Annual 4th Grade Pass) ክቕየር ይከኣል እዩ። ዝርዝር ኣስማት ናይ መእተዊ ፍቓድ ዝህቡ ቦታታት ንምርካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ https://store.usgs.gov/pass/PassIssuanceList.pdf ተወከሱ።

ብዛዕባ መእተዊ ፍቓድን ክፍሊትን ሕቶ ምስዝህልወኩም ብቐጥታ ኣብ ናይ ክፍሊ ፌደራላዊ መሬትን ማያትን መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፣

- ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር መሬት (www.blm.gov)
- ቤት ጽሕፈት ዳግመ ህንጻ (www.usbr.gov)
- ናይ ኣሜሪካ ኣገልግሎት ዓሳን እንስሳ በረኻን (www.fws.gov)
- ምምሕዳር ሃገራዊ ባሕርን ኣየርን (www.oceanservice.noaa.gov)
- ኣገልግሎት ሃገራዊ ፓርክ (www.nps.gov)
- ናይ ኣሜሪካ ናይ ኣንጂነሪን ጉጅለ ሰራዊት ( www.corpslakes.us)
- ናይ ኣሜሪካ ኣገልግሎት ጫካ (www.fs.fed.us)




## እቲ ቫውቸር ወይ መእተዊ ንመን የጠቓልል?

ከም ቫውቸር ወይ መእተዊ ፍቓድ ዝሓዘ 4ይ ክፍሊ ተማሃራይ መጠን፣ ኩሎም እቶም ምሳኻ ዝመጹ ኣብ መኪና ዘለዉ ሰባት ኣብቲ ብመኪና ዝኸፈሎ ቦታ ብናጻ ክኣትዉ ይፍቀደሎም። እንተደኣ ብነፍሲ ወከፍ ዝኸፈለሉ ቦታ እንተደኣ ትበጽሑ ኣሎኹም ግና፣ ምስቲ 4ይ ክፍሊ ዝመጹ ክሳብ ሰለስተ ብጹሓት ሰባት ብናጻ ክኣትዉ ይፍቀደሎም። እቲ 4ይ ክፍሊ ተማሃራይ ከምእውን ስድራቤቱ ወይድማ ስድራቤታ እንተደኣ ብብሽግሌታ መጺኦም፣ ምስኦም ዝመጹ ክሳብ ሰለስተ ብጹሓት ሰብት ይፍቀደሎም! እቲ መእተዊ ፍቓድ ንምጥቃም ግና እቲ 4ይ ክፍሊ ተማሃራይ ኣብኡ ምስኦም ክህሉ ይግባእ።

መማሃራን'ውን ክሳተፉ ይከኣል እዩ! ዝያዳ ንምፍላጥ ሎሚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.everykidinapark.gov ብምእታው ይወከሱ።

EVERY
KID IN A PARK

ኣገልግሎት ሃገራዊ ፓርክ (National Park Service) ◆ ኣገልግሎት ጫካ (Forest Service) ናይ ኣንጂነሪን ጉጅለ ሰራዊት (Army Corps of Engineers) ◆ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር መሬት (Bureau of Land Management) ኣገልግሎት ዓሳን እንስሳ በረኻን (Fish and Wildlife Service) ◆ ቤት ጽሕፈት ዳግመ ህንጻ (Bureau of Reclamation) ምምሕዳር ሃገራዊ ባሕርን ኣየርን (National Oceanic and Atmospheric Administration)




## ናጻ-ክፍሊት መእተዊ ውሰዱ!

ኣብ ገለገለ ሰራሕታኛታት ዘይብሉ ናይ ፌደራላዊ መሬትን ማያትን፣ ኣብ መኪና ኮይንካ ንምርዓይ ብቑዕ መእተዊ ፍቓድ የድሊ። እቲ ናይ ኢንተግራሲይ ናይ 4ይ ክፍሊ ዓመታዊ መእተዊ ፍቓድ ኣብቲ ናይ መኪና ናይ ድሕሪት መርዓዪ መስትያት ክንጥልጠል ወይድማ ኣብቲ ናይ መኪና ናይ ቅድሚት ቬትሮ ኣብ ዝረአ ቦታ ክዝርጋሕ ኣለዎ። ንስኻ፣ 4ይ ክፍሊ ተማሃራይ ዝኾንካ፣ ናይ ወረቐት ቫውቸር ምስዝህልወካ፤ እቲ ወረቐት ኣብቲ ናይ ቅድሚት መኪና ቬትሮ፣ ባርኮዱ ከምዝርአ ብምግባር ክዘጋሕ ይግብኦ።

መገሻ ንምምዳብ ዝሕግዙ መሳርሒታት ኣብ ዝስዕቡ መርበብ ሓበሬታታት ይርከቡ፦

- www.everykidinapark.gov
- www.findyourpark.com
- www.discovertheforest.org
- www.recreation.gov

### ብዛዕባ ነፍሲወከፍ ቆልዓ ኣብ ፓርክ( Every Kid in a Park) ዝያዳ ሓበሬታ ቅሰሙ

እቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ኣብ ፓርክ መርበብ ሓበሬታ ቫውቸርን መእተዊ ፍቓድን ብኸመይ ከምዝርከብ፣ ምዕዶ ብዛዕባ መድብ መገሻ፣ ከምእውን ብኸመይ ከምትሳተፍ ሓበሬታ ይህብ። ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፤ ብኽብረትኩም ኣብ www.everykidinapark.gov ተመልከቱ፣ ወይድማ ኣብ ፌስቡክ፣ ኢንስትግራም፣ ትዊተር፣ ከምእውን ዩቱዩብ EveryKidinaPark ዝብል ተወከሱ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.everykidinapark.gov ተወከሱ፤ ከምእውን ብዚ ዝስዕብ ተኸታተሉና፦

## ብዙሕ ግዜ ዝለዓሉ ሕቶታት

**ሕ. ኣብ ኣሜሪካ 4ይ ክፍሊ (ኣብ ገዛ ዝመሃሩ ከምእውን 10 ዓመት ዝዕድሚኦም ናይ ነጻ-ምርጫ ተማሃሮ ዘጠቓልል) ብኸመይ ቫውቸር ወይ መእተዊ ፍቓድ ክረኽቡ ይኽእሉ?**
**መ.** ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.everykidinapark.gov ብምውካስ፣ ነቲ ኦንላይን ዘሎ ጸወታ ብምፍጻም፣ ድሕሪኡ ነቲ ናይ ግሊ ዝኾነ ቫውቸር ዳውንሎድ ጌርካ ፕሪንት ብምግባር።.

**ሕ.. እቲ ቫውቸር ወይ መእተዊ ፍቓድ ንምንታይ የገልግል?**
**መ.** እቲ መአተዊ ናይ ናጻ ክከውን እንከሎ፣ ኣብ ኩሉ ፌደራላዊ መሬትን ማያትን፣ ካብ መስከረም 1 ጀሚሩ ክሳብ ነሃሰ 31 ንምሉእ ዓመት ናይ 4ይ ክፍሊ ግዜኹም መእተውን ካልእ መሰረታዊ ዝኾነ ክፍሊትን ይሸፍን። ካልእ ክፍሊታት ከምኒ ናይ ካምፒን፣ ምጅላብ፣ ፓርኪን፣ ፍሉይ ዝኾነ ዑደታት፣ ካልእ ናይ ሓበሬታ ኣገልግሎት ክፍሊታት፣ ፍሉይ ፍቓድ፣ መሳገሪ ጃልባታት ዝኣመሰሉ ኣይሸፍንን እዩ። ከምእውን ናይ ግሊ ንግድታት ዝውንኑ ሰባት፣ ንገለገለ ነቑጣታት ስለዘማሓድሩ፣ ገለገለ ንጥፈታት ኣብ ፌደራላዊ መሬትን ማያትን ነቲ ፍቓድ ከይቅበልዎ ይኽእሉ እዮም። ተቐባልነት መእተዊ ፍቓድ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ነቲ እትበጽሕዎ ቦታ ተወከሱ።

**ሕ. ብሓንቲ ቫውቸር ወይ መእተዊ ፍቓድ ካብ ሓደ ንላዕሊ መካይን ክኣትዋ ይፍቀድ ዶ?**
**መ.** ኣይፋል። እታ መእተዊ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ ዝሓዘት መኪና ጥራይ ክትኣቱ ይፍቀደላ።

**ሕ. ሓደ ፍቓድ ዘለዎ ኣብ ብሽክሌታ ዘሎ ሰብ፣ ንኻልኦት ምስኡ ዝመጹ ኦዕሩኽ/መሓዙት ናብ ናይ ፌደራላዊ መሬትን ማያትንን ክኣትዉ ከፍቅደሎም ይኽእል ዶ?**
**መ.** እወ። እቲ ፍቓድ ዘለዎ ሰብን ክሳብ ሰለስተ ምስኡ ዝመጹ ሰብ ብሽክሌታን ብናጻ ክኣትዊ ይኽእሉ።

**ሕ. ዝጥፈአ ወይ ተሰርቀ ቫውቸር ወይ መእተዊ ፍቓድ ክትካእ ይከኣል ዶ? እቲ ተርታዊ/ሲሪያል ቁጽሪታት ብኣሰር ክርከብ ይከኣል ዶ?**
**መ.** ኣይፋል። ናይ ግሊ ምስጢር ምዕቃብን ካልእ ሎጀስቲካዊ ጉዳያትን ኣብ ግምት ብምእታው፣ መእተፊ ፍቓድ ምስ ዝጠፍእ ክትካእ ኣይከኣልን እዩ፣ ካልእ ሓድሽ ቫውቸር ወይ ፍቓድ ንምውጻእ ናብ መርበብ ሓበሬታ www.everykidinapark.gov ብምእታውን እንደገና ነቲ መስርሕ ብምፍጽም ነቲ ናይ ወረቐት ቫውቸር ፕሪንት ምግባር ይከአል።

**ሕ. እቲ መእተዊ ቫውቸር ወይ ፍቓድ ረሲዐዮ ናብቲ ቦታ ምስ ዝመጽእ እሞ፣ መእተዊ ምስዝኸፍል፣ ነቲ ዝኸፈልክሉ ቅብሊትን ቅዳሕ ናይቲ ፍቓድ ወይ ቫውቸርን ብፖስታ ብምልኣኽ ገንዘበይ ክምለዘለይ ይከኣል ዶ?**
**መ.** ክፍሊት ምምላስ ኣይፍቀድን እዩ። ናይ ፍቓድ ወይ ቫውቸር ቅዳሓት፣ ናይ ኤሌትሮኒክ ስእልታት፣ ወይድማ መንጥልጠሊ ጥራይ ብዘይ እቲ ፍቓድ፣ ናይ ምእታው ፍቓድ ኣይህቡን።

**ሕ. ናይ ወረቐት ቫውቸር ወይድማ ናይ ኢንተግራሲይ 4ይ ክፍሊ ዓመታዊ ፍቓድ ዓርከይ/መሓዛይ ክጥቀመሉ ከለቅሖ እኽእል ዶ?**
**መ.** ኣይፋል። ፍቓድ ኣብ ዝጥቀመሉ ግዜ፣ ንስኻ/ኺ፣ ፍቓድ ዘሎካ/ኪ (4ይ ክፍሊ ተማሃራይ) ብኣካል ኣብኡ ክትርከብ ኣሎካ። ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ኣይከኣልን እዩ።